ማእኸል ተሃድሶ ሰራዊት ትግራይ መለስ ካምፓስ ንውጉኣት ተጋደልቲ ንፅሬት ግልጋሎት ዝውዕል ዝተፋላለዩ ናይ ፅሬት ኣቁሑት ውሱን ጨረታ ኣጫሪቱ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ሚያዝያ 3, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 5, 2016 8:00 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:100,000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:150
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 5, 2016 8:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/

ምልክታ ዉሱን ጨረታ

ማ/ተ/ሰ/ትግራይ መለስ ካምፓስ

ማእኸል ተሃድሶ ሰራዊት ትግራይ መለስ ካምፓስ ንውጉኣት ተጋደልቲ ንፅሬት ግልጋሎት ዝውዕል ዝተፋላለዩ ናይ ፅሬት ኣቁሑት ውሱን ጨረታ ኣጫሪቱ ክዕድግ ይደሊ። በዚ መሰረት እዞም ዝስዕቡ ረቋሒታት እተማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ ክትሳተፉ ይዕድም።

1) ተጫረቲ ንሕና(ማ/ተ/ሰ/ትግራይ መለስ ካምፓስ) ዝመረጽናዮ ሳምፕል መሰረት ክቅርቡ ይግባእ።

2) ተጫረቲ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድን(ቲን ናምበር) ናይ ኣቅራባይነት ፍቃድን ዘለዎምን ኣድላዪ ዶክሜንትን ምስቲ ሰነድ ፎቶ ኮፒ ኣተሓሒዞም ከቕርቡ ይግባእ።

3) ተጫረቲ ኣብ ዘእተውዎ ሰነድ ብዘይ ስርዝ ድልዝ ንጹር ዋጋ መሊኦምን ፈሪሞምን ብዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ ከቅርቡን ኣብ ኣመላልኣ ዋጋን ስፐስፊኬሽንን ንዝፈጠርዎ ጌጋ ተቐባልነት ከምዘይብሉ ፈሊጥኹም ብጥንቃቑ ክትመልኡ ይግባእ ።

4) ተጫረቲ ብማ/ተ/ሰ ትግራይ መለስ ካምፓስ ብዝተዳለወ መምልኢ ዋጋ ኣብ ባዕሉ መሊእኹም ካብ ዕለት 03/08/2016 ዓ/ም ጀሚርኩም ክሳብ ዕለት 5/08/2016 ዓ/ም ጨረታ ዝዕፀወሉ ግዜ ኣብ ዕደጋ ክፍሊ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ጨረታ ክተእትዉ ይግባእ።

5) ተጫረቲ ቴክኒካልን ፋይናንሻልን ስፐስፊኬሽን በቢ በይኑ ብፖስታ ዓሺጎም ከቕርቡ ይግባእ።

6) ተጫረቲ ዘቕረብዎ ዓይነት ግልጋሎት ብዝተኣዘዘ ግዘ ፣ መጠንን ፅሬትን መሰረት ክኸዉን ይግባእ።

7) እቲ ጨረታ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብ ዘለውዎ ዕለት 05/08/2016 ዓ/ም ቴክኒካል

ስፐስፊኬሽን ቅድሚ ሰዓት 8:00 ተዓፅዩ 8:30 እንትኽፈት እቲ ፋይናንሻል ስፐስፊኬሽን ድማ 9:00 ሰዓት ይኽፈት።

8) ናይ ጨረታ መኽበሪ 100,000 ( ሓደ ሚኢቲ ሽሕ) ቕርሺ ብባንኪ ዝተረጋገፀ CPO ጥራሕ ብማ/ተ/ሰ ትግራይ መለስ ካምፓስ ሽም ብዝተዓሸገ ፖስታ ከእትዉ ይግባእ።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

9) ተጫረቲ ዝርዝር ናይ ጨረታ ሰነድ ዘይምለስ 150(ሓደ ሚኢትን ሓምሳን) ቕርሺ ኣብ ናይ ትካልና

ፋይናንስ ብምኽፋል እቲ ሰነድ ካብ ዕደጋ ክፍሊ ክወስዱ ይግባእ።

10) ተጫረቲ ማህተም ዘለዎ ምሉእ ኣድራሽኦምን ስልኪ ቑፅሮምን ከቐምጡ ኣለዎም።

11) ተጫረቲ ናይ ሻት ተመዝጋቢ ሰርተፍከት ኮፒ ከተሓሕዙ ኣለዎም ተቕርብዎ ዋጋ ድማ ሻት ዝሓውስን ዘይሓውስን ምኻኑን ክግለፅ ኣለዎ። እንድሕር ዘይገሊፁ ሻት ዝሓወሰ ሙኳኑ ይፍለጥ።

12) ሰዓራይ ጨረታ ነቲ ዘሸነፎ ዓይነት ግልጋሎት ውዕሊ ኣሲሩ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልቲ ጠቕሊሉ ኣታዊ ይገብር።

13) ተጫረቲ ናይ 2016 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቃድ ምስ ናይ 2015 ግብሪ ከም ዝከፈለ መራጋገጺ ሰነድ ኣታሓሒዙ ከቅርብ ዝክእል ክውን ኣለዎ።

14) ትካልና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብውሱን ወይ ኹዓ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕልው እዩ።

NB እዚ ጨረታ እዚ ንሓደ ጊዜ ጥራሕ ምኻኑ ክፈልጡ ይግባእ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle